ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንግልጋሎት ቤት ፅሕፈት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ናውተ ሶላር

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ የካቲት 9, 2018 (ቅድሚ 9 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 18, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 19, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

ምልክታ ጨረታ

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንግልጋሎት ቤት ፅሕፈት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ናውተ ሶላር ሲስተም ብናይ ባዕሉ በዓል ሞያ ገጢሙን ፈቲኑን ዘረክቡ ትካላት ብጨረታ ብምዕዳም ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዝኾነ ድማ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቛሒታት እተማልኡ ዝምልከተኩም ተወዳደርቲ ንክትሳተፉ ይዕድም።

1. ናይ 2018 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ስራሕ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ፣ proc

2. መለለዪ ንግዲ ፍቓድ (Tin Number) ምስ ንግዲ ፍቓድ ፎቶ ኮፒ፣

3. ቫት ዝተመዝገብሎ መረዳእታ ናይ ታሕሳስ ወርሒ 2018 ዓ.ም ዲክላራስዮን ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

4. ጨረታ መኽበሪ ሰነድ ብስፒኦ(CPO) ብር 20,000.00 ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

5. ካብ እስፐሲፍኬሽን ወፃኢ ስርዝ ድልዝ ኣይፍቀድን፣

6. ውፅኢት ጨረታ ዝገልፅ መአዘዚ ዕደጋ (Purchase order) ካብ ዝወሰደሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 2 መዓልቲ 10% ናይ ዝመልእዎ ዋጋ መክበሪ ውዕሊ ብምቕራብን ዘየማትእ ውዕሊ ብምእሳርን እቲ ዝድለ ንብረት ኣብ ውዕሊ ብዝንፀር መዓልቲ ከቕርብ ዝኽእል፣

7. እቲ ዋጋ ክምላእ ከሎ

ምስ ቫቱ ምኻኑን ዘይምኻኑን ብንፁር ክቕመጥ ኣለዎ። ብንፁር እንተዘይተፈሊጡ ምስ ቫቱ ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር።

8. ኣብቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ሙሉእ ሽምን ማህተምን እቲ ትካል ክጥቀስ ይግባእ፣

9. ትካልና 20% ናይቲ ንብረት ምንካይን ምውሳክን ይክእል፣

10. ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ጥቓ ቤተ መንግስቲ) ቢሮ ቁፅሪ 435 እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ሰዓት ብር 200.00 ብምኽፋል ምውሳድ ይከኣል፣
11. ማ.ል.ት እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12. እዚ ጨረታ ዕለት 18/05/2018 ዓ.ም ሰዓት 8፡30 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ኣብ ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ት ይኸፈት።

ማ ሕ በ ር ል ም ዓ ት ት ግ ራ ይ!

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle